ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ

حزب الشعب الديمقراطي الار

ERITREAN PEOPLE'S DEMOCRATIC PARTY

# ማእከላይ ባይቶ ሰ.ዲ.ህ.ኤ መደባት ስርሒ ፈጻሚት ሽማግለ ኣጽዲቑ

27 ጥሪ 2018

ማእከላይ ባይቶ ሰ.ዲ.ህ.ኤ ብዕለት 27 ጥሪ 2018 ኣኼባ ኣካይዱ። እዚ ኣኼባ መቀጸልታ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ እዩ። ኣብ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ካብ ዝተዘርበሉ ኣርእስታት ሓደ ብዛዕባ መደብ ስርሓት ፈጻሚት ሽማግለ ብምንባሩ፡ ቤት ጽሕፈታት ፈጻሚት ሽማግለ ንቀረባን ርሑቕ ክስርሓሉን ከስርሖን ይኽእሉ እዮም ንዝበሎም መደባ ነዲፉ ንባይቶ ኣቕሪቡ፡ ማእከላይ ባይቶ ብፈጻሚት ሽማግለ ንዝወረደ ንድፊ መደባት ስርሓት ቤት ጽሕፈታት ንኩሉ ብቐደም ተኸተል ተኻቲዑን፡ ኣብ ስርሓትና ከዕውትና እዩ ዝብሉም ሓሳብ ወሲኹ ንድፊ መደብ ዕዮ ቤት ጽሕፈታት ፈጻሚት ሽማግለ ብሙሉኡ ኣጽዲቑ። ይኹን ደኣ'ምበር መደብ ዕዮ ስርሓት ፈ/ሽ ከቢድ ሓላፍነት ስለ ዝኾነ ኣብ ትግባረ ንምስግጋሩ ምድግጋፍ ኩሉ ኣባል ሰልፍ ከም ዘድልዮ ተዘሪብሉ ኣብ ስምምዕ በጺሑ።

ማእከላይ ባይቶ ሰ.ዲ.ህ.ኤ ንህሉው ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዓቕምን ክእለትን ተሳታፍነት ኣባላት ሰልፊ ኣብ ስርሓት ንምውፋር ክልተ ሽማግለታት ኣቚሙ። መደብ ስርሓት ሽማግለን ኣስማት ኣባላቱን ከኣ ኣብ ዝመጽእ ንህዝቢ ክሕበር ምዃኑ ነፍልጥ።

ማእከላይ ባይቶ ሰ.ዲ.ህ.ኤ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ኣብ መደብ ዝጸንሐን መደባት ስርሓትን ሰልፊ ንምግላጽ ኣኼባ መላእ ኣባላት ሰልፊ ክካየድ፡ ንቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ጸዋዒት ሓላፍነት ተዋሂብዎ። ድሕሩ ዝመጸ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ዝቀረባ መዓልታት ክካየድ፡ ድሮ መልእኽቲ ተመሓላሊፉ ኣሎ። መሪሕነት ሰ.ዲ.ህ.ኤ ዘካየዶ ኣኼባ ልዙቡን ውዕውዑን ብስምምዕ ኣኼባ ተዛዚሙ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ስውኣትና
ክንዕወት'ና
ሰ.ዲ.ህ.ኤ